# Global Storybooks

globalstorybooks.net

## ካላይ ንኣትክልቲ ትዛረቦም

Ursula Nafula
Jesse Pietersen
Daniel Berhane Habte

This work is licensed under a Creative Commons Attribution 4.0 International License.

https://creativecommons.org/licenses/by/4.0

# ካላይ ንኣትክልቲ ትዛረቦም

Ursula Nafula
Jesse Pietersen
Daniel Berhane Habte

2

ትግርኛ ti

እዚኣ ካላይ ትብሃል። ካላይ ሸውዓተ ዓመት እዩ ዕድሚኣ። ብቋንቋኣ፡ ቋንቋ ሉቡኩሱ ትርጉም ናይ ስማ ‘እታ ሕያወይቲ’ ማለት እዩ።

ካላይ ካብ ድቃሳ ተንሲኣ ንገረብ ብርቱኻን ትዛረቦ። “በጃኻ ገረብ ብርቱኻን፡ ገዚፍ ኴንካ እሞ ዕበ ብዙሕ ዝበሰለ ፍረታት ብርቱኻን ሃበና።”

ካላይ ናብ ቤት ትምህርቲ ብእግራ ትኸይድ። ኣብ መንገዳ ንሳዕሪ ትዛረቦ። “በጃኻ ሳዕሪ፡ ልሙዕ ኴንካ ብቑል ኣይትንቀጽ ድማ።”



“እቶም ፍረታት ብርቱኻን ጌና ጉዕ እዮም ዘለዉ፡” ኢላ ካላይ ኣዕሚቛ ኣስተንፈሰት። “ጽባሕ የራኽበና ገረብ ብርቱኻን፡” በለት ካላይ። “ምናልባት ሽዑ ዝበሰለት ፍረ ብርቱኻን ትህበኒ ግዲ ትኸውን!”

ካላይ ካብ ቤት ትምህርቲ ናብ ቤታ ምስተመልሰት፡ ነቲ ገረብ ብርቱኻን ትበጽሖ። “ፍረታት ብርቱኻን በሲልኩም ዶ?” ኢላ ካላይ ትሓቶም።



ካላይ ነቶም ዕምባባታት መሮር ተላግሶም። “በጃኹም ዕምባባታት፡ ፍንሽርሽር በሉ እሞ ኣብ ጸጉረይ ክሰኹዓኩም።”

ኣብ ቤት ትምህርቲ፡ ካላይ ነቲ ኣብ ማእከል ቀጽሪ ዘሎ ገረብ ትዛረቦ። “በጃኻ ገረብ፡ ዓበይቲ ጨናፍር እሞ ኣብቍል ንሕና ድማ ኣብ ትሕቲ ጽላልካ ኴና ከነንብብ።”



ካላይ ነቲ ንቤት ትምህርታ ከቢብዎ ዘሎ ሓጹር ትዛረቦ። “በጃኻ ሓያል ኩን እሞ ሕማቓት ሰባት ናብዚ ከይኣትዉ ዕገቶም።”